

T1

# ዓሸራን ኢሮዳክን (EURODAC)

ምስ ዘይሕጋዊ ስግረ ዶብ ብዝተሓሓዝ ምኽንያት ዝተኣሰሩ ናይ ሳልሳይ ሃገር ዜጋታት ወይድማ ሃገር-ኣልቦ ሰባት ዝምልከት ሓበሬታ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 29(3) ሕጊ ኤዎሮጳዊ ሕብረት ቁ. 603/2013 [ARTICLE 29(3) OF REGULATION (EU) No 603/2013]

ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣብ ናይ ‘ዳብሊን’ (‘Dublin’) ሃገር ትነብር ከምዘለኻ እንተተፈሊጡ[1]፣ ሰበስልጣናት ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ክወስዱን ናብ “ዩሮዳክ” (“Eurodac”) ዝበሃል ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ዳታቤዝ ከመሓላልፍዎን ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚ ቅድሚ ሕጂ ዑቕባ ሓቲትካ እንተኔርካ ንምፍላጥ ጥራይ ዝዓለመ እዩ፡፡ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሸራ ኣብ መአከቢ ሓበሬታ ናይ ዩሮዳክ ኣይክዕቀብን እዩ፡ እንተኾነ ግን እንድሕር ደኣ ኣብ ካልእ ሃገር ኣቐዲምካ ዑቕባ ከም ዝሓተትካ ተረጋጊጹ ናብታ ሃገር ክንመልሰካ ንኽእል ኢና፡፡

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ንጹር እንተዘይኮይኑ፣ እንተላይ ብደይመደይ ዓሻራ ከምዘይውሰድ ንምግባር ኣጻብዕትኻ እንተዕኒኻዮ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ክውሰድ ይኽእል እዩ፡፡

ዩሮዳክ (Eurodac) ብኢዩ-ሊሳ (eu-LISA) ዝበሃል ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል እዩ ዝካየድ፡፡ ጭብጥታትካ ሕጊ ንዝእዝዞ ዕላማታት ጥራይ እዩ ምጥቃም ዝከኣል፡፡ ንጭብጥታትካ ዝቕበል እቲ ናይ ዩሮዳክ ማእከላይ ስርዓት (Eurodac Central System) ጥራይ እዩ፡፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዑቕባ እንተሓቲትካ፣ ብተወሳኺ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ይውሰደልካ መታን ናብ ዩሮዳክ ክለኣኽ፡፡ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ዝተቐመጡ ጭብጥታት ካብ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ወይ ምስኣ ትተኣሳሰር ሃገር ወጻኢ ንዝኾነት ትኹን ካልእ ሃገር ወይ ትካል ኣይወሃቡን፡፡

1) እዚ ንብሙሉኡን ኤውሮጳዊ ሕብረት ማለት (ኣውስትርያ፤ በልጁም፤ ክሩኤሽያ፤ ኮፐረስ፤ ቸክሪፓብሊክ፤ ደንማርክ፤ ኢስቶንያ፤ ፊንላንዲ፤ ፈረንሳ፤ ግሪኽ፤ ሃንጋሪ፤ ኣየርላንድ፤ ጥልያን፤ ላቲቪያ፤ ሉቱዌንያ፤ ላክሰምበርግ፤ ማልታ፤ ሆላንድ፤ ፖላንድ ፖርቱጋል፤ ሩሜንያ፤ ስሎቫክያ፤ ስፐይን፤ ሽወደን፤ ዓባይ ብሪጣንያ) ከምኡ’ውን ነተን 4 ሃገራት ምስ ሕግታት ዳብሊን ዝተኣሳሰራ ማለት (ኖርወይ፤ ኣይስላንድ፤ ስዊዘርላንድ፤ ላክሰንስታይን) የጠቓልል።

©መሰል ኤውሮጳዊ ሕብረት : ቅዳሕ 2014
ምብዛሕ ፍቑድ እዩ። ንዝኾነ ምጥቃም ወይ ምብዛሕ ካብዚ ስእልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቀጥታ ፍቃድ ምሕታት የድሊ።

## ናይ መራኸቢ ሓበሬታ

**መንነት ናይ Eurodac ተቐፃፃሪን ናቱ/ናታ ተወካልን**
መራኸቢ ነቑጣታት: ሃገራዊ ቦርድ ፖሊስን (Poliisihallitus)
ፊንላንዳዊ ግልጋሎት ኢሚግራሽንን (Maahanmuuttovirasto)

**ዝርዝር ኣድራሻ ናይ ቤት ፅሕፈት ተቖፃፃሪ**
+ 358 295 480 181
Poliisihallitus (ሃገራዊ ቦርድ ፖሊስ)
PL 22, 00521 Helsinki
kirjaamo.poliisihallitus@poliisi.fi

Maahanmuuttovirasto (ፊንላንዳዊ ግልጋሎት ኢሚግራሽንን)
PL 18, 00581 Helsinki
+358 295 419 600

ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ቁፅሪ ግልጋሎት:
+358 295 419 627,
ሰሉስ–ሓሙስ 10–11
www.migri.fi

**ዝርዝር ኣድራሻ ናይ ሃገራዊ በዓል መዚ ቁፅፅር (ሓለዋ ዳታ)**
Tietosuojavaltuutetun toimisto
(ቤት ፅሕፈት ንብዓት ሓባሲ ሓለዋ ዳታ)
PL 800, 00521 Helsinki
+ 358 295 666 700
ግልጋሎት ሓበሬታ:
+358 295 616 670,
ሰኑይ–ሓሙስ 9–11 ከምኡውን 13–15,
ዓርቢ 9–12
tietosuoja@om.fi
www.tietosuoja.fi

**ሰበስልጣናትና ኣብ ካልእ ሃገር ዓለምለኻዊ ዑቕባ ሓቲትካ ክትከውን ከምትኽእልን እንተሓቲትካ ድማ እታ ዝሓተትካያ ሃገር ሕቶኻ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ክትስከም ትኽእል እያ ኢሎም እንተገሚቶም፣ ብዛዕባ እቲ ዝስዕብ መስርሕን ንዓኻን ንመሰላትካን ብኸመይ ይጸልው ዝምልከትን ዝያዳ ዝርዝራዊ ዝኾነ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ፡፡**



27.7.2015

European Commission

MAAHANMUUTTOVIRASTO
MIGRATIONSVERKET
FINNISH IMMIGRATION SERVICE

POLIISI
POLISEN I FINLAND
Police of Finland

Rajavartiolaitos
Gränsbevakningsväsendet
The Finnish Border Guard